# ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽግለታ ኤርትራ

# ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ ኣትያ

ጎባልል ተቀዳደምቲ ብሽግለታ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ናብ’ቲ ብዕለት 19 መስከረም 2015፡ ዝጅመር ኣህጉራዊ ወድድር ቅድድም ብሽግለታ ንኽሳተፉ፡ ትማሊ 16 መስከረም፡ ኣብ ርእሰ ምምሕዳር ሕ.መ.ኣ ከተማ ዋሽንግቶን ዲሲ፡ ዓወት-ዓውት እናሸተቱ ብሰላም ኣትዮም ኣለዉ።

እቲ ንምምጻእ’ዞም ቀለስቲ ዓወታት፡ ሓበን ሃገር ዝኾኑ ስፖርተኛታት፡ ብሃንቀውታ ዝጽበይዎም ዝነበሩ ኤርትራውያን ነበርቲ ዋሽንግቶን ዲሲ መሪላንድን ቨርጅንያን፡ ብዓቢ ዓጀባ ነጎድጎዳዊ ጣቕዒትን ዕልታትን፡ “መጺእካለይ ዶ፡ መጺኻለይ ዶ፡ ክጽበየካ፡ ወሰደ..ኤረይ በዓል ስረ” እናበሉ ወግዓዊ ድሙቕ ኣቀባብላ ጌረምሎም።





ህዝቢ ኣጋይሹ እናተቐበለ

ንኽብሪ’ቶም ዓበይቲ ኣጋይሽ ድማ ናይ መቐበሊ ግብጃ መደብ ባህላዊ ጸወታን ተዳልዩ፡ ምዉቕን ፍሱህን ዝኾነ መደብ ተዳልዩ። ከምኡ’ውን ህዝቢ፡ “ንስኻትኩም በቲ ልዑል ብቕዓትኩም ተቓዳዲምኩም፡ ስም ሃገር ከተስምዩ ከለኹም፡ ንሕና ድማ ብልቢ ምሳኹም ኣሎና” ክብል ከሎ፡ ተቐዳደምቲ ብወገኖም፡ በቲ ዝተገብረሎም ዘሐብን ፍሱህ ኣቀባብላ፡ ኣብ’ቲ ዝካየድ ውድድር ዝዓበየ ፍናንን ሓቦን ዘስንቕ ድሪኺትን ከምዝህቦም ገሊጾም።






ሃገራዊት ጋንታ፡ ሎሚ ሓሙስ 17 መስከረም ናብ ከተማ ሪችሞንድ ጉዕዞኣም ክቅጽሉ ኢዮም። ካብ ሰኑይ 21 መስከረም፡ ኣብ’ቲ ፈላሚ ግጥም፡ ውድድር ክሳተፉ ምኳኖም ተፈሊጡ ኣሎ። ነዚ ኣብ መንጎ ዘሎ መዓልታት ድማ፡ ዕጥቆም ኣዋዲዶም ኣብ ልምምድ ክቕንዩ ኢዮም።



ንዝርዝር መደባት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዳሃይ ተኸታተሉ። ኣብ’ዘን ተጠቒሰን ዘለዋ መዓልታት ድማ ነዞም ጎባልል ደቅና ኣማሚቑናዮም ንቐኒ።

ሚድያ ዋሺንቶን ዲሲ።

ዓወት ንሓፋሽ!